ብዓይኒ ተፈጥሮኣዊ ክልሰ-ሓሳባትን ተመኩሮታትን

# ሳቡቲ

## እምበርያጦራዊ ሳቨያታትን ዙፋናዊ ስሕበታትን

## ሎኽሎኻዊ መሳልላት ስልጣናትን

ክፋል 2.2(ለ ቀዳማይ)

ብሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ኣብ ክሊ መሰረታት ውርሻዊት ተ.ሓ.ኤ.ን
ሓፋሻት ውርሻዊት ሀ.ግ.ሓ.ኤ.ን
ናይ ዱር ኣራዊትን ናይ ግንባርን
ተማራማሪ

ካብ ክፋል 2.2(ሀ) ዝቐጸለ

---

## እምበርያጦራዊ ሳቨያታት

ኣብ ሳቡቲ፣ መወዳእታ ዘይብሉም ብዙሓት ዓይነት እምበርያጦራዊ ውግኣት ይካየዱ ኢዮም። በዚ ናይ ስነ-ጽሑፍ ኣገላልጻ እምበርያጦርያ ማለት ናይ ሓደ ዘርኢ ወይ ናይ ሓደ ማይ ቤት ጸብለልትነት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ማይ ቤታት ንምርግጋግጽ ዝግበር ውግኣት ወይ ዘርኣዊ ግዝኣት ብዓብላልነት ንምጽናዕ ዝካየድ ጦራዊ ውግኣት ናይ ኣራዊታት ማለት ኢዩ።

<u>እምበርያጦርያ ኣብ ዓዲ ሰብ፣ ሓደ ሃገር ናይ ስልጣን ጸብለልትነቱ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ወይ ኣህዛብ ንምርግጋግጽ ክንዮ ግዝኣታቱ ወራር ብምኽያድ ኮነ ወይድማ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ኣህዛብ ወይ ሃገራት ኣስገዳድ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቁጽጽራት ንምፍጣር ዝዓለመ ዓመጻዊ ኣተሓሳስባን ሜላታትን ኢዩ።</u>

ኣብዞም እምበርያጦራዊ ውግኣት ናይ ሳቡቲ፣ ዝተፈላለዩ ግጥሚያታት ኣዛብእ ኮንትር ኣናብስ፣ ኣዛብእ ኮንትሮ ኣዛብእ፣ ኣናብስ ኮንትሮ ኣናብስ ግርጭታት ይላዓሉን ውግኣት ብቐጻሊ ይካየዱን ኢዮም። ኩሎም ከኣ ደማዊ ግርጭታት ኢዮም። ኣዛብእ ኮንትሮ ኣዛብእ ወይከኣ ኣናብስ ኮንትሮ ኣናብስ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ማይ ቤት ዝርእ ሓድሕደ ውድድር ዘንቀሎ ደማዊ ግርጭት ክኸውን ከሎ፣ ኣዛብእ ኮንትሮ ኣናብስ ግን ኣብ መንጎ ክልተ ነንበይኖም ዘርእታት ዝፍጠር ዝባኣሰ ደመኛ ግርጭት ኢዩ። ኣብ ዝኾነ ውግእ ከኣ መስዋእትታት ምኽፋል ንቡር ኢዩ። ውግእ መብዛሕትኡ ግዜ ብኽልተ ጠንቂ ይላዓል። ብጉዳይ ገምቢ(መግቢ) ወይ ብጉዳይ ዶብ።

ኣብ ሳቩቲ ነጻ መሬት ዝበሃል የልቦን። ኩሉ መሬት ብደቀባት ዝኾኑ ኣዛብእ ወይከኣ ኣናብስ ዝተወነነ ኢዩ። ሳቩቲ ብዙሓት ዓደ-ዛብእ ወይከኣ ደምበ-ናብስ ዘጠቓለለ በረኻ ኢዩ። ኩሎም ዓድታት(ኣዛብእ) ኮነ ደምበታት(ኣናብስ) ብሽታታት ሽንቶም ዘለልይዎ፣ ነናቶም ዝኾነ ክሉል ዶባት ኣለዎም። ከም ፖለቲካዊ ካርታታት ናይ ዓድ ሰብ ግን ንጹራት ሕንጻጻት የብሎምን። ሓላፍ ዘላፋት ዝመልኦም ኢዮም። እተን ግዳያት ኣናብስ ወይ ኣዛብእ ዝኾና ኣራዊት ከም በዓል ዜብራ፣ ዘራፍ፣ ዓጋዘን፣ ጤለ በዱ፣ መፍለስ . . . ወዘተ ዶባት የብለንን። ናብ ዝማምአን ዝከዳ ነጻ ዘርእታት እየን። እዞም ሓላፍ ዘላፍ ዝኾኑ ዶባትን እዘን ዶብ ዘይፈልጣ ተሃዳኖ ግዳያትን ድማ ኢዮም ቀንዲ ጠንቅታት ንምልዕዓል ናይዚ እምበርያጦራዊ ውግኣት ሳቩቲ። ወግእ ወረ ውግእ ድማ ከም ዓደ ኢሳያስ ፈጺሙ ኣይዕርፍን ኢዩ። ለይቲ ምስ መዓልቲ።

ሰሪ ውድድር ንገምብን ንመሬትን ድማ ሓደ ደምበ'ናብስ ኣንጻር ካልእ ደምበ'ናብስ ሳቭያታት የልዕሉ። ተመሳሳሊ ውግእ ከኣ ሓደ ዓደ'ዛብእ ኮንትሮ ጎደቦ ካልእ ዓ ደ'ዛብእ ሳቭያታት የልዕሉ። ክልተ ኣልፋታት ሰሰራዊታተን ኣኽቲተን ሃብኩኺ እናተባሃላ ክቓማሸዳ ዝሓድራሉ ለይትታት መሊኡ ኢዩ። ኣብዝሕትኡ ግዜ ግን፣ ደምኛ እምበርያጦራዊ ሳቭያታት ዝፍጸሙ ኣብ መንጎ ብኣርሓ ዝምራሕ ደምበናብስን ኣብ መንጎ ኣልፋ ትመርሖ ዓደ-ዛብእን ኢዮም። ኣብ መንጎኦም ክልቲኦም ዝበርትዐ ደማዊ ምትህልላኽ ጽልእን ኣሎ።



ንመስዋእቲ
1ይቲ ኣልፋ

ኣንጻር ኣናብስ ውግእ ኣብ ዝለዓለሉ፣ ኣልፋ በርቲዓ ትዋጋእን ተዋግእን ደፋር ፍጥረት ኢያ። ኣብ ዝኾነ ውግእ ድማ ንኣርሓ-ናብስ ቀዳማይ ታርጌቱ ኣልፋ ኢያ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ዝኾነ ግጥሚያ ንሱ ንኣልፋ ፈልዩ ክቐትላ ደሙ ወትሩ ምስረስኖ ኢዩ። ኣበርቲዑ ድማ ክቐትላ ይደናደን። ብዙሕ ግዜ ከኣ ኣልፋ፣ መባእ እምበርያጦራዊ ውግእ ብምኽንያት ኣብ ዓውደ ውግእ ትስዋእ መስኪነይቲ ነብሲ ኢያ። በዚ ምኽኒያት ከኣ ዕምራ ካብ ካልኦት ደቅ ዓዳ ዝሓጸረ ኢዩ።



ኣርሓ፣ ብመዓ
ልቱ ሓኔታ

ኣብ ዝኾኑ ሳቭያታት፣ ክትደፍእ ክትድፋእ ዝነበረን ዘሎን ኢዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣዛብእ፣ ሺሾ ቁጽሪ ኮይኖም ኣብ ዝእከብሉ፣ ኣናብስ ጅምር ዘበልዋ ውዕይቲ ሕሩድ ጠንጢኖም ሕሱም ትርኢት ሃርባ ይፍርጥጡ ኢዮም። እንተላይ እቲ ፈጺሙ ዘይድፈር ዝመስል ኣርሓ'ናብስ ፋረኡ ኣብ ንፋስ ጎፈርፈር እናበለ እግረይ ኣውጽእኒ፣ ኣተሃድድማ ቦጅባጃት ይሃድም ኢዩ። መዓልቱ ምስ በሎ ከኣ ኣልፋ ሰፋሕ ዘብል ሓኔታ።

<u>ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጉድጓድ ዝብኢ</u>

ኣልፋ ክትወልድ ኮላ መብዝሕትኡ ግዜ ጽምዲ ኮራኩር ኢያ ኣብ ውሽጢ ጉድጓዳ ትወልድ። እዘን ዝተወልዳ ኮራኩር ከኣ ከም ስሙ ወረስቲ ዓራት ኢየን። እዘን ኮራኩር፣ ቅሩብ ሳምንቲ ጉብዝ ምስበላ ድማ ሓደ ዘሕዝንን መተንከርን ፍጻሜ ኣብ ውሽጢ'ቲ ጉድጓድ ይፍጸም። ንሱ ከኣ ኩልና ሰባት ንፈርሖ፣ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር

ኢዩ።  ካብ ዝውለዳ ሒደት ሳምንቲ'ዩ፣ ግና ሓንቲ ካብዘን ክልተ ኮራኩር ነታ ካልኦይቲ ኩርኩር ሓብታ ኘኻኺሳ ትቐትላ።  ኣልፋ ድራረን ኝኽትምእርረለን ንግዳም ኣብ ዝወጸትሉ ግዜ፣ ኣብቲ ጉድጓድ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ተጠናቒቑ ይጸንሕ። ሓንቲኣን ዓወት ንሓፋሽ ኣቢላ ተዘርጊሓ ትጸንሕ፣ እታ ዓንተር ካልኦይቲ ከኣ ሓይሊ ተሰሚዕዋ ዲርዲር ክትብል ትይጸንሕ።  ኣማን ብኣማን ሓንትን ንበይናን ወራሲት ዓራት ክትከውን ንነብሳ ተጎብልል።

ዕውትቲ ኩርኩር ጉድጓድ ንበይና በስታንስኡ ትብሕቶ፣ ኣልፋ ኣብ ውሽጢ ከስዐኣ ተሸኪማቶ ዝመጸት ድራር ድማ ዝቃጸጸ ዘይብላ ብምሉኡ እናተመገበት ብቕልጡፍ ናህሪ ትፍርዝን።  ዓበያ ምስ ሰወደት ድማ ዙፋን ክትወርስ፣ መተካእታ ኣልፋ ወትሩ-ሓጺር-ዕምራ ኣብ መስመር ዙፋን ትጸንሕ።  እታ ዝሞተት ኩርኩር ግን ስውእቲ ሞባእ ኮይና ትሓልፍ።

## ዙፋናዊ ሎኽሎኽ ኣብ ዓደ'ዛብእ



ብባህሊ ህዝባዊ ግንባር ንኡኽቲ ሽለው ዘበለት ሓብቲ፣ ኣብ ከባቢ ኣልፋ ብሕንቃቐ ሎኽሎኽ እናበለት ናብ ዙፋን ክትስውድ ከላ።

### ቅኑዕ ተፈጥሮኣዊ መሳልል

እዛ ኩርኩር ኣልፋ ካብ ብዓንተብኡ ብዕሽላ፣ ንሓብታ ኣብ ጉድጓድ ብባህሊ ህዝባዊ ግንባር ሽለው ዘበለት፣ ዳሕራይ ምሉእ ምስ ሰወደት ደኣ እንታይ ክትገብር'ያ?  ኢዩ እቲ ኝኹላህና ዘስደምም ኩነት።  ካብ ዝቐተለትሉ ህሞት ኣትሒዙ ኣዚያ ሓያልን ብርትዕትን ፍጥረት ኮይና ትዓቢ።  ኣብ ከባቢ ኣልፋ ከም ወራሲት ዓራት ብሕንቃቐ ሎኽሎኽ እናበለት ስለትዓቢ ድማ ብኻልኦት መሰረታት ፈጺማ ዘይትድፈር ኮይና እናሰብኣት ናብ ዙፋን ትቀራረብ።  ዕድል ናይ ዙፋን ብዘጋጥም ድማ ትወርስ።

## ሎኽሎኻዊ መሳልል ስልጣን ኣብ ዓደ እሰያስ



ሎኽሎኻዊ መሳልል ስልጣን ኣብ ዓደ እሰያስ። በርጌሳይ ክሻ (ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት) ኣብ ከባቢ ኣልፋ ሎኽሎኽ እናበሉ ናብ ስልጣን ክስውዱ ከለዉ።

### ዘይፍትሓዊ ውልቀ-መላኺ ባረኾ መሳልላት

ናይ ጂ-15 ዘርእታት ምሕቃቕን በንጻሩ ከኣ ናይ'ቶም ኣብ ከባቢ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዘለዉ ተወልጀታት ምጥጣዕን ከኣ ካብዚ ናይ ሳቡቲ ቀታሊት ኣልፋ ኮራኩርን ተቐታሊት መባእ ሓብትን፣ ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ዝፍለይሉ ነገራት።

1. እዚ ናይ ሳኹቲ ኩነት ባህርያዊ ሕጊ ዘቐመጦ ቅኑዕ ተፈጥሮኣዊ መሳልል ኢዩ። ዓደ ዛብእ ኣብቲ ቀጻሊ ዝኾነ እምበርያጦራዊ ውግኣት ሳኹቲ ቀጻሊ ምፍራይ ናይ ብርታዐእን ዝተመስከረለን ኣልፋታት የድሊ። እንተዘይኮይኑ ዓደዛብእ ተሳዒሮም ዘርኦም ክበትኩ ኢዮም። ስለዚ ምምጻእ ናይ ብርዕቲ ኣልፋ ኩርኩር ኣዚዩ ኣዎንታዊ ኢዩ ንምስራር ዘርኦም።

ኣብ ማ/ቤት ጽሕፈት ዝተጋህደ ምፍራይ ናይ ኮራኩር ኣልፋታት ከም በዓል ኣባ ተርንሹዋን ክሻን (ኣፈኛ የማን ገ/መስቀልን በርጌሳይ ሓጎስ ገ/ሂወትን) ግን ብኣድልዎ ዝመልኦን ዘይፍሓውን ውልቀ መሻኺ ንገዛእ ጥቕሙ ዝባረኾም መሳልላት ኢዮም።

2. ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣልፋ ኮነ ኮራኩር ንኡስ ኣልፋታት፣ ኣብ ግዜ ኵናት ከም ኣልፋ ሰራዊት ኣብ ቅድሚት መሪሖም ዝዋግኡን በኻ ስርዓቶም ዝስውኡን ኣይኮኑን። ንሶም ኣብ ድሕሪት ኮይኖም ብኣዋጃት ናይ ፍሕሶታትን ውዲታትን ብቻ ንማእለያ ዘይብሎም ደቂ ተካሊት ዘሰውኡ መራሕቲ ኢዮም።

ኣልፋ ኩርኩር ብኹሎም ኣዛብእ ዘይትድፈር ወራሲት ዓራት ክትክውን ክልተ ኣገደስቲ ቅድመ-ተደላይነት ክተማልእ ይግባእ።

1. <u>ውሽጣዊ ልዑል ብቕዓት ናይ ጸሕታርነት</u>
   <u>ብተፈጥሮኣ ልዑል ናይ ጸሕታርነት ጠባይ ዝወነነት ክትከውን ኣለዋ</u>። ብግስ ከየለት ብዕሽላ ደም ኡኽቲ ዝሰተየት ሓብቲ፣ ጸሕታሪ ፍጥረታ ክሳብ ክንደይ ብርቱዕ ምዃኑ የመልክት። ምውናን ናይዚ ባህርይ ድማ ክልተ ነገራት የውሕስ።
   1. ንመወዳድርታ ኩርኩር ብንግህኡ ሽለው ከምትብል ብምግባራ ናታ መጻኢ ዕድል ናብ ዙፋን ኣጸቢቑ ብሩህ ንክኸውን የውሕስ።
   2. ዙፋን ምስጨበጠት ኣንጻር'ቶም ኣናብስ ክትዋጋእን ከተዋግእን ዘብቅዓ ልዑል ናይ ጸሕታርነት ሆርሞን ንህላውነት ዘርኢ ዓደዛብእ ኣጸቢቑ የውሕስ።

2. <u>ግዳማዊ ተቐባልነት ኣብ መሰረታት</u>።
   <u>ኣብ ከባቢ ንግስቲ ኮልኮል ኢላ ዝዓበየት ክትከውን ኣለዋ</u>። እቶም መሰረታት ዓድ'ዛብእ ምስ'ታ ኣልፋ ኮልኮል ኢላ ዝሰወደት ወራሲት ኣልፋ ብቻ ኢዮም ከም ንግስቶም ዝቕበሉ። ሓይሊ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ንተቐባልነት ኣብ መሰረታት ሎኽሎኽ ምባል ግድነታዊ ተደላይነት ኢዩ።

<u>ዓድ ሰብ</u>

## <u>ክልተ መሳልላት ግንባር ናብ ዝለዓለ ስልጣናት የደይቡ</u>

ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓደ ተራ ኣባል ዋላ ዓሰርተ ግዜ ህርኩት ይኹን ብሳክት ናብ ዝለዓለ ስልጣን ክድይብ ኣይክእልን ኢዩ። ናብ ዝለዓለ ስልጣን ከም መራሕ ወይ ኮሚሽነር(ርእሰ ፖለቲካ) ቦጦሎኒ፣ ብርጌድ፣ ክፍለ ሰራዊት፣ ሓላፊ ክፍሊ፣ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ፣ ኣባል ፖሊት ቢሮ ክትበጽሕ ናይ ግደን ብሓደ ካብዞም ወይ ከኣ

ብኽልቲኦም መሳልላት ኣጣሚርካ ብትሓላፍ ኢዩ። እዞም መሳልላት ዝብሎም ዘለኹ ከኣ፥ 1. ማሕለኻዊ መሳልል ስልጣን 2. ሎኽሎኻዊ መሳልል ስልጣን ቢለ ይጽውዖም። ትርጉሞም ድማ ብዕምቆት እንሆ።

## 1. ማሕለኻዊ መሳልል ስልጣን
## መንገዲ ጉዕዞ ናብ ስልጣናት ናይ ጅ-15

ማሕለኻዊ መሳልል ስልጣን ማለት ሓያሎ ጽንኩር ማሕለኻታት ቃልሲ ድሕሪ ምስጋርን ዘይተኣደነ ዓመታት ኣብ ቃልሲ ድሕሪ ምሕላፍን መድረኽ ብመድረኽ ካብ ዝተሓተ ናይ ናብ ዝለዓለ ጽፍሕታት ናይ ስልጣን ዘደይብ መሳልል ስልጣን ኢዩ። 100% ካብ ስልጣናዊ ኣድልዎታትን ለመጭመጫትን ሓራ ዝኾነ ኣገባብ ኢዩ ክበሃል እኳ እንተዘይተኻእለ መጎታዊ ኣደያይባ ዝተኸተለ ቅኑዕን ፍትሓውን ኣገባብ መሳልል ኢዩ። ምኽኒያቱ፥ መዋእል ዝኾነ ግዜ ዝወስድ ብዘገምታዊ ፍሑኽታታት ካብ ዝተሓተ ናብ ዝለዓለ ጽፍሕታት ዘደይብ ኣገባብ ብምኳኑ።

ኣብቲ ዘገምታዊ ግስጋሰ ዘለዎ መሳልላዊ ፍሑኽታታት ናብ ስልጣን፥ ኣብ ሜዳ ዓ መታት ዝወስድ ጽንኩር ማሕለካታት ዝመልኦ ቃልሲ ምስ ብጾት ድሕሪ ምስጋር፥ ፈለማ ተራ ጸኒሕካ መራሕ መስርዕ ትሸየም። እዚኣ ኸኣ እታ ዝደቐቐት ናይ ስልጣን ቦታ ኢያ። ካብዚ መድረኽ ቀጺሉ ናብ ርዝን ዝበለት መራሕ ጋንታ ትሸየም። መራሕ መስርዕ 15-17 ነብሳት የማእክል። መራሕ ጋንታ 3 መሳርዕ (50 ነብሳት ኣቢሉ) የማእክል። ክልቲኦን እዘን መሳልላት ብዙሕ ሓለፋታት ዘይብለን፥ ምስ ሓፋሽ ብጾትካ ምቁምጣዕ ዘለወን፥ ሓፋሻት ዝበልዕዎ ዕረ ጨው ዓደስ ትምገበሉ፥ ቤት ጽሕፈታዊ ህድሞ(ኦፊስ) ዘይብለን ብምኳነን ብተግባር ካብ ስልጣናዊ ብዕ ልግናታት ብቛንቋ እንግሊዝ ኮራፕሽን ሓራ ዝኾና የዋሃት ስልጣናት ኢየን።

መሪሕነት ኢሳያስ ድማ ነዘን ጽልቓታት ክሳብ ክንድቲ ገድያ ኣይገብረለንን ኢዩ። ናብዘን መሳልላት ንምእታው ህርኩትና፥ ፖለቲካዊ ብስለት፥ ብጻያዊ ተወፋይነት ዝኣመሰሉ ማሕለኻዊ ረቋሒታት ይሓትት። ብዘይካ'ዚ ከኣ ናይ ዕድል ረቛሒ ዝበሃል ኣሎ። ዓለም እንተመሪጸትካ ብቐሊሉ መራሕ መስርዕ ወይ መራሕ ጋንታ ክትከውን ትኽእል። ንኣብነት ኣባላት መስርዕ ብምልኦም ተተሰዊኦም ንሸኻ ጥር ኢልካ እንተድሒንካ እታ መሳልል ባዕላ ትለግበካ እሞ ኣብ ዳግመ ስርዒት ናይ ሓደሽቲ፥ ናይ ዓደ ዕዉራን ብዓል ሓደ ዓይኒ ኳንካ ትነግስ። ከምኡ መራሕ ጋንታ እንተተሰዊኡ፥ ሓደ ካብቶም መራሕቲ መሳርዕ ይትክእ። እዚ ናይ ዕድል ኮነ ናይ መስዋእቲ ረቛሒ'ውን ዘይፍለ ኣካል ናይቲ ማሕለኻዊ ረቛሒ ኢዩ።

ልዕሊ መራሕ ጋንታ ዘሎ ሽመት መራሕ ሓይሊ ወይ ኮሚሽነር ሓይሊ ኢዩ። መራሕ ሓይሊ 3 ጋንታታት(135 ነብሳት ኣቢሉ) የማእክል። ኣብ ህዝባዊ ግንባር፥ መራሕ ሓይሊ እታ ዝተሓተት ስልጣናዊ ብዕልግና ወይ ኮራፕሽን ዝሓዘለት መሳልላዊ ጽፍሒ ኢያ። ምኽኒያቱ መራሕ ሓይሊ ናይ ባዕሉ ህድሞ(ኦፊስ) ኣለዎ። ኣብ መቑነናት ዝመጸ ድማ ልዕሊ ሓፋሻት ሓለፋታት ኣለዎ። ንኣብነት ንነብሲ ወከፍ ጋንታ ሓሓደ

ኮዝ ሽኮርን ዓዓሰርተ ሃንዛታት እንተተመቕኒኑ፣ መራሕ ሓይሊ ምስ ናቱ ስታፍ ንበሎም (ኮሚሽነር ሓይሊ፣ ምልክት ወይ ረድዮ ኦፐረይተር፣ ሓኪም ሓይሊ) ማለት ነርባዕቲኦም ነብሳት፣ ሓደ ኮዝ ሽኮርን 6 ሃንዛታት ይምቑነኑ። ብዝሖም ኣዚዮም ሒደት ክነሶም ዳርጋ ምሉእ መቕነን ጋንታ ይፍስሁ።

ኣብ ናይ ግንባር ውድባዊ ጉባኤታት መራሕ መስርዕ ኮነ መራሕ ጋንታ ብኣባላቶም ተመሪጾም ከይተወከሉ ኣብ ውድባዊ ጉባኤ ክሳተፉ ኣይክእሉን ኢዮም። መራሕ ሓይሊ ግን ንውድባዊ ጉባኤ ከይተመርጸ ከሎ ምሩጽ ኢዩ። ስለዚ መራሕ ሓይሊ ንጉባኤ ግንባር ፍሪ ቲኬት ዘለዎ በዓል ስልጣን ኢዩ። መራሕ ሓይሊ ኮነ ኮሚሽነር ሓይሊ ብመሪሕነት ኢሳያስ ብጥንቃቐ ተጸጽዩ ብዓይኒ መኹባዕቲ ዝሓለፈ ኢሳያሳዊ ሰርቲፊኬት ዘለዎ ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ መሳልል ናይ ዕድል ወይ ናይ መስዋእቲ ረቒሒ ቦታ ይብሉን።

ልዕሊ መራሕ ሓይሊ ዘሎ ሽመት <u>መራሕ ቦጦሎኒ</u> ወይ <u>ኮሚሽነር ቦጦሎኒ</u> ኢዩ። መራሕ ቦጦሎኒ 3 ሓይልታት(ክሳብ 400 ነብሳት) የማእክል። እንዳ ቦጦሎኒ ብኮራፕሽን ብመጠኑ ዝተኮነ መሳልል ኢዩ። ካብዚ ንላዕሊ መሳልል እንዳደየብካ ብትኸይድ ዝያዳ ፈሸኽሸኽ ምባል ናይ ትኺናት ኣሎ። እንዳ ቦጢታት ክትከውን ጽንክር ዝበለ ፍሉይ ሰርቲፊኬት ናይ ኢሳያስነት የድሊ።

ልዕሊ እንዳ ቦጢታት ዘሎ ሽመት <u>መራሕ ብርጌድ</u> ወይ <u>ኮሚሽነር ብርጌድ</u> ኢዩ። መራሕ ብርጌድ 3 ቦጢሎኒታት (ክሳብ 1,200 ነብሳት) የማእክል። እንዳ ብርጌድ ዓ ዲል ደኺኹኖም ዝኸፈቱ ትኺናት ፈሸኽሸኽ ዝበልዎ ብልሹው መሳልል ኢዩ። ምኽንያቱ ኮራፕሽን ብዘይ ገደብ ዝስስነሉ ሕምብርትታት ከም ዓቢ ቤት ጽሕፈት ብርጌድ ምስ ኣዳለውቲ መግብታቱን ድሙ ድሙታቱን፣ ባጀት ብርጌድ፣ ንኡስ ሕክምና ብርጌድ ስለዝርከብዎ። ኢንደፐንደንት ተቖጻጻሪ ሕሳብ ወይ ኦዲት ምህላው ኣብ ህዝባዊ ግንባር "ዘይሰውራዊ" ድሑር ምዕራባዊ ባህሊ ስለዝቑጸር፣ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር ዘየፍቅዶ ኔው በልዎ ምዕራባዊ ባህሊ ዘብል ኢዩ። እንዳ ብሪታት ካብ ናብ ሰራዊቶም ዝያዳ ናብ ዋንኦም ዝቐረቡ፣ ብፍሉይነት ንኣገልግሎት መሪሕነት ኢሳያስ ዝተጸርቡ ከዋኽብቲ ኢዮም። ወርቃዊ ሰርቲፊኬት ናይ ኢሳያስነት ድማ የድሊ።

ልዕሊ እንዳ ብሪታት ዘሎ ሽመት <u>መራሕ ክፍለ ሰራዊት</u> ኢዩ። መራሕ ክፍለ ሰራዊት 3 ብርጌዳት ምስ ተደረብቲ ታንከኛታት ወይ ናይ ከቢድ ብረት ኣሃዱታት የማእክል። እንዳ ክፍሊታት ዝምደቡ፣ ኣባላት ማእከላይ ሽምግለ ዝኾኑን ብቡራኼ ኢሳያስ ዝተመረቑን ፍሉያት መራሕቲ ግንባር ኢዮም። ጉዳይ ትኺን ዘዛርብ ኣይኮነን ኣብዚ መሳልላት።

እዚ ዝገለጽኩዎ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ደጀናዊ ክፍልታት ድማ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብደረጃ ግድምና ኣብ ገድሊ፣ ተመክሮ ኣብ ምምራሕ፣ ካድርነትን ተወፋይነት ንላዕለዋይ ኣካል ዝተሰረተ ካብ ዝነኣሰ ናብ ዝላዓለ ጽፍሕታት ዝድይብ መሰልላት ተዘርጊሖም ነበሩ። ድሕሪ ሰላሕታ ወራር (1984)፣ ኢሳያስ ንምሁራን

ነብሳት ብደረጃ ካድርነቶም ጥራይ ዘይኮነስ ብደረጃ ኣካደሚያዊ ሞያኦምን ግድምንኦምን ናብ መሳልላት ክተግሩ ንመጀመርያ ግዜ ኣፍቀደሎም። ኣብ ሞያን ግድምናን ዝተመርኮሰ ዓበይቲ ስልጣናት ድማ ንምሁራን ክጅንጅኖም ጀመረ። ሓደ ካብዚኦም ዶክተር ኣሰፋው ተከሰተ(ሕጂ ኣባል መሪሕነት ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ)፣ ኣካያዲ ሓላፊ ናይ ክፍሊ ሕክምና ግንባርን ኣቦ ወንበር ናይ ማሕበር ሓካይም ኤርትራውያንን ኮይኑ ተሸሞ።

ኣቓድም ኣቢሉ ቅድሚ'ዚ ናይ ኢሳያስ ሓምላይ መብራህቲ፣ ንከም በዓል ዶክተር ኣሰፋው፣ " ንኡስ ብርጅዋ ዝተጋደለ እንተተጋደለ፣ ተዋላዋሊ ደርቢ ኢዩ። ናይ መጨረሻ ቦትኡ ከኣ ምስ ሰውራውያን ተቓልስቲ ዘይኮነስ ምስ ኣድሓርሓርቲ የማናውያን ኢዩ . . . ኔው በልዎም ነዞም ኣርማድዮ ምሉእ መጻሕፍቲ ኣንቢብና በሃልቲ ዘይሰውራውያን ተበለጽቲ" እናተባህለ ብካድረታትን ፖለቲካታትን ግንባር ከምዝሻደኑን ኣራእሶም ከምዘድንኑን ይግበር ነበረ። ሓንቲ ትእዛዝ ናይ ኢሳያስ ስለዝተዋህበት ግን ቅጽበታዊ፣ ኹሉ መሪሕነታዊ ስርዒታት ግምጥልሻት ፖለቲካ ተቐያይሩ።

## <u>ምስዕራር ግንባራዊ ኮራፕሽን</u>

ኣብ ግንባር ሳዕሪሮም ዝነበሩ ኮራፕሽን ከመይ ዝመሰሉ ነበሩ? ኮራፕሽን 3 ዓይነት ኢዮም። 1. ዝርወት 2. ዝሙት 3. ምስሓት ሓላፍነት።

## <u>1. ዝርወት</u>

<u>ገንዘብ ውድብ ንምውልቃዊ ፍስሃታት ምብኻን።</u> ላዕለዎት መራሕቲ፣ መሳርፍ ቦጦሎኒታት ኮነ ባጀት ብርጌዳት ኣብ ክንዲ ኣብ ቅኑዕ መዓላን ንሓፋሽን ዘውዕልዎ ገዚፍ ሚእታዊቱ ኣብ ነብሶምን ንመጋየጽን የውዕልዎ ነበሩ። ካብዚ ዝተበገሰ፣ ኩሎም ላዕለዎት መራሕቲ ግንባር ብዝርወት ዝመጸ ፋሽናዊ ኣከዳድንኦምን ስታይሎምን ተፈልዮም ይልለዩ ነበሩ። ንኣብነት ዘይበለየ ብሉ ጂንስ፣ ሓመደዋይ ሉስሉስ ሚላኖ ካሚቻ፣ ሜድ ኢን ሜዳ ዘይኮነስ ሜድ ኢን ቻይና፣ ምልሕሓም ዘይብላ ናይ ቻይና ሽዳ፣ ብልጭልጭ ትብል ኩሹኽ ኣብ ክሳድ ወይ ርእሲ፣ ረዛን ሴኮ ሰዓት፣ ምውናን ኣብ ጁባ ትኽተተ ግራንዱግ ወይ ናሽናል ሾርት ወይቭ ረድዮ ዓለም ንቡር ፋሽናት መራሕቲ ግንባር ነበረ። ሽጋርኦም ዘየዕርፍ፣ መግቦም ኣጣል ምሕራድ ዘይበትኽ፣ ዝጽሞቕ ስውኦም ድማ ዘይነጽፍ ከም ማይ ሩባ ነበረ። ንጀብሃ፣ "ዓማ ኣንቱም በላዕ ቲ እንቷቑሑ" ኢሎም ይጻረፉ ከምዘይነበሩ፣ ወትሩ ኣጣል ከሸሽ ከብሉወን ክትዕዘብ ምርኣይ ኣዚዩ ዘስደምም ነበረ። ኩሎም ኦፊሳቶም ድማ ኣብ ትሕቲ ባይታ ኣትዮም ዝተሃንጹ ቪላታት ናይ ሳሕል ምስ ቶኖኩኦም፣ ቦይኦም፣ ቦሎፎኖም፣ መጋረጅኦም፣ ድንቂ ምድሪ ቤቶም ኣዚዮም ዝስደምሙ ህንጻታት ነበሩ። ካብ ቅጥዓዊ ትጽቢታት ንላዕልን ምብኻን ገንዘብን ንብረትን ንመጋየጺታት ዝመልኦምን ነበሩ።

## 2. ዝሙት

ዝሙት ወይከአ ናይ ሰክስ ብዕልግና። ሓለፍቲ ነተን ጸጽቡቓተን መንእሰያት ደቀንስትዮ ተጋደልቲ ካብ ድፍዓት ወይ ኣሃዱታተን ብዝተፈላለየ ጥበባትን ብኸውልን ናብ ኦፊሳቶም ሰሲሒቦም መርወዪ ስምዒታቶም ይገብርወን ነበሩ። እቲ ስልጣናዊ ብዕልግናታት ዘስዓቦ ኣመና ሓለፋታትን ሓሻሽነትን ናይ ላዕለዎት ሓለፍቲ ጽልውኡ ናብ ኣተሓሳስባ ናይ መብዛሕተን ደቀንስትዮ'ውን እናስፋሕፍሐ ከደ። ደቀንስትዮ ግንባር ብወለንትአን ዘይፍለያ ጎንን ኣካልን ናይዚ ቅለታዊ ባህሊ ድማ ኮና። መብዝሕትአን ደቀንስትዮ ኣተኵረን ደድሕሪ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሎኽሎኽ ይብላ ነበራ። ንኣብነት ተራ ተጋዳላይ ንመርዓ እንተሓቲቱ፡ መብዛሕቱ ግዜ ኣብ መስመር ጽናሕ ይበሃል። ልዕል ዝበለ ሓላፍነት ዘለዎ እንተሓቲቱ ግን ቅጽበታዊ ሕራይ ምባል ገኒኑ ነበረ። ኢሳያስ ኣብ ሰሚናራት ከይተረፈ፡ ስለምንታይ ኢየን ደቀንስትዮ፡ ንዓና ሓሽካታት እምቢ ይብላና፡ ንመራሕቲ ግን ከምደሌቶም ሕራይ ኢለን ይምርዓውኦም ዘለዋ? ተባሂሉ መረርቲ ጥርዓናት ሰክስ ካብ ተራ ተጋደልቲ ቀሪብዎ ኢዩ። ኢሳያስ ድማ ከይሓብአ ሓለፋታት ስለዘሎ ኢዩ ኢሉ መሊስሎም ኢዩ። እቲ ውድብ ኮነ ንሱ፡ ነዚ ግኑን ማሕበራዊ ሽግር ከዐርዮ ዝፈተኖ ነገር ግን ኣይነበረን።

## 3. ምስሓት ሓላፍነት

ኣብ ስልጣን ኣመና ባዕሊግካ ዝተዋህበካ መሪሕነታዊ ሓላፍነትካ ምስሓት። ኣብነታት ዝበዝሕ ግዜኻ ብፍላይ ምሸት ኣብ ምስታይ ስዋ ወይ ድሙ ድሙ ምሕላፍ፡ ካብ ድፋዓት ተዋጋእቲ ጨጓር ዳንጋታት መመዚዝካ ገፋሕፋሕ ዝበሉ ቪላዊ ኦፊሳት ንኸሃንጹ ምእዛዝ፡ ብጻይነት ምጉዳል፡ ንተሓታትነት ምዝንንጋዕ፡ ነቐፌታ ወይ ነብሰ ነቐፌታ ዘይምዝውታር ዝኣመሰሉ ነበሩ።

ኩሎም እዞም ኮራፕሽናት ድማ ኣብ ውሽጢ ግንባር፡ ግዝፎም ዓርሞሸሻዊ ክነሶም ስቱራትን ሓውሲ ስቱራትን ነበሩ። እቲ ሰንሰለታዊ ኮራፕሽን ካብ መርሒ ሓይሊ ንላዕሊ ክሳብ ኣብ ፖሊት ቢሮ ዘለዉ ኣብ ኩሎም ኣባላት መሪሕነት ዝተዘርግሐ ነበረ። ኢሳያስ ከአ ኣብቲ ሽው እዋን ብሓፋሽ ተጋደልቲ ፈጺሙ ዘይተገጠመ ዋና ርእሲ ናይዚ ኮራፕሽን ነበረ። ኢሳያስ ዝተፈላለየ ሽጣራታትን ረቀቕቲ ጥበባትን እናተጠቐመ ንነብሱ ካብ ኮራፕሽን ሓራ ዝኾነ ኣርኣያነት ዝመልአ መራሒ ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ይርአ ነበረ። ናይ ሓፋሽ ጉርሒ ኮነ ናይ ምግጣም ዓቕሚታት ድማ ኣብ ካልእ በርቂ ኣብ ጉዳይ ኢሳያስ ዝመጸ ግን ኣዚዩ ጎዲም ነበረ። መብዛሕቱ ህዝቢ ኤርትራ ኸአ ኣብታ ሽዓ እዋን፡ ግንባር ዝወጸላ ኣደ ኮራፕሽን ምዃና ጭራሽ ኣይፈልጠን ነበረ፡። ተዝፈልጥዋ ኔሩ ኸአ ነጻነት ጭራሽ ኣይምመጸትን ኔራ።

ምስዚ ኹሉ ሓውሲ ስቱር ዝኾነ ገዚፍ ኮራፕሽን ግን ናይቲ ውድብ ኣዎንታዊ ንጥፈታትን ዓወታት ውግእን ኣዚዩ ዘደንቕ ነበረ። ከም ግራዞ ብዘይብቂ ዝተቐብአ ማሺን መንኮርኮር ሰውራ ብልሙጽ ሸረር እናበለ ምስዘደንቕ ቅልጣፈ ይጓዓዝ ነበረ። ንኽትኣምኖ ዘስደምም ኩነት። እቶም "ንሕና ዘይንሰዓር ዴሳውያን ኢና" ዝብሉ ካድረታት ግንባር፡ ወትሩ ክምህሩ ከለዉ፡ ኩሎም መዝመዝትን ተመዝመዝትን ደርብታት ክታዓረቑ ዘይክእሉ ተጻረርቲ ደርብታት ኢዮም እናበሉ ደጋጊሞም

የስተምህሩ። ላዕለዋይን ታሕተዋይን ደርብታት ግንባር ግን፣ ኣብቲ ግዜቲ ግምጥልሽ ኣስተምህርኦም ተሳነይቲ ኮይኖም ብጽቡቕ ይኃዓዙ ነበሩ። ናይ ብሓቂ ተኣምራትዊ ውድብ።

ኣብዚ እዋን ብዛዕባ ኮራፐሽን ዝዕለል ዘረባታት፣ ኢሳያስን ተሓዝ ባጤራ በርጌሳይ ክሻን ጥራይ ዝፈልጥዎ ካብ ሃገር ዝተሰርቀ ሚልዮናት ዶላራት ኣብ ስዊስ ባንክ ከምዘሎ ከይጠቐስካ፣ ንበዓል ምዑት ስውእ ሚኒስተር ሽሪፎ ዓሰርተ ሽሕ ገንዘብ ካብ ሓትነይ ኪሮስ ጉቦ በሊዑ እባ እዚ'ባ ዝበሃል ዘረባታት ኣሉ ባልታታት ዝመልኦን ንጂ-15 ፈሊኻ ንምጥቃንን ዝዓለመ እኩይ ኅስኅሳት ኢዩ። እቲ ክዉን ሓቂ ዘረባ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

<u>ዝተኣስሩ ኮነ ዘይተኣሰሩ ሰበ ስልጣናት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከምኡ ድማ ርእሰ ፈገራት ኢሳያስ ካብ ኮራፐሽን ዋላ ሓደ ሰብ ነጻ ዝኾውን ከምዘይብሎም ኣረጋጊጽና ክንፈልጥ ይግባእ። ኩሎም ሰበ ስልጣናት ግንባር ቀደም ይኹን ሕጂ፣ ምስ ኮራፐሽን ዝተቖማጥዑ ኢዮም ኔሮምን ሕጂ ዘለዉን፣ እንተላይ እቶም ጀጋኑና ጂ-15። ጂ-15 ግን ነቲ ንሳቶም'ውን ተሸሚሞሞ ዘለዉ ኮራፐሽን ኮነ ንዕኡ ዝወለደ ውልቀ መላኺነት ኣፍሪሶም፣ ሃገርና ኩሉ ኤርትራዊ ዝኾርዓላ ጥዕና ዘለዋ ሰላማዊትን ደሞክራሲያዊትን ሃገር ክገብርዋ ተበጊሶም ኔሮም ኢዮም። ጂ- 15 ብዘኹርዕ ታሪኽ ኣብ ልብናን ኣብ ታሪኽናን ክዝከሩ ዝግብኦም ሓርበኛታት ኢዮም።</u>

<u>መጠቓለሊ</u>። ኩሎም ሚኒስተራትን ሰበ ስልጣናትን ጀነራላትን ጂ-15 ብኸምዚ ልዕል ኢሉ ዝገለጽኩዎ እልፊ ዝኾነ ዓመታት ዝወስድ ማሕለኻዊ መሳልል ሓሊፎም ኢዮም ናብቲ በጺሖሞ ዘለዉ ዝለዓለ ስልጣናት ዝበጽሑ። ዝነበሩዎ ግንባራዊ ባህሊ ዋላ'ኳ ኣዚዩ ክፉእ እንተነበረ፣ ቃልሲ ምንባሩ ክንክሕዶ ስለዘይኽእል፣ ዓመታት ተቓሊሶም ዘጥረየዎ ዝግብኦምን ባህርያውን መዝነታት ኢዩ። ገሊኦም ኣባላት ጂ-15 እሞ ኸኣ ከም ስዉእ ክቡር ሚኒስተር ተጋ/ ማሕሙድ ሸሪፎን ክቡር ተጋ/ መስፍን ሓጎስን ዝኣመሰሉ እቲ ማሕለኻዊ መሳልላት ካብ 60ታት ካብ ታሪኻዊ ዕለታት ኣብ ውርሻዊት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኢዩ ዝጀምር። ስለዚ ነዊሕን ጥውይዋይን ጽንኹርን ማሕለኻታት ሰጊሮም ናብ ዝለዓለ ስልጣናት ዝበቕዑ ኢዮም። እቶም ኣንጻር ጂ- 15 ኮይኖም ንጅ-15 ዘርኦም ዘሕቅቕዎም ዘለዉ ጉጅለ ኢሳያስ ከ ከመይ ዝኣመሰለ ስልጣናዊ መሳልላት ሰገሩ? ማሕለኻዊ ወይስ ሎኽሎኻዊ?

## <u>2. ሎኽሎኻዊ መሳልል ስልጣን</u>

## <u>መንገዲ ጉዕዞ ናብ ስልጣናት ናይ ኣባ ተረንሹዋን ክሻን</u>

ሎኽሎኻዊ መሳልል ስልጣን ማለት እሾኽ ዓጋም ኣይትውግኣሉ፣ ጽንኩር ማሕለኻታት ኣይትሰግረሉ፣ ዓመታት ኣይትኣርገሉ፣ ኣብ ሜዳዊት ግንባር ኮነ ኣብ መንግስቲ ሃገረ ኤርትራ ብድሌትን ብቡራኬን ኢሳያስ ናብ ዝለዓለ ስልጣን ከመቅጽበት ዘደይበካ መሳልል ስልጣን ማለት ኢዩ። ብቡራኼ ናይ ውልቀ መላኺ ኢሳያስ ዝተዓደለ

ስልጣን ብምሺኑ ድማ ማንም ግንባራዊ ባህሊ፡ ሕጊ፡ ቅጥዒ፡ ቀይዲ ናብቲ ዝተዋህበ ስልጣን ንምድያብ ዝኽልክል ነገር የልቦን። ካድርነት ኮነ ግድምነት ኣብ ውሽጢ ሜዳ ድማ ግድን ኣይኮነን ከድልየካ። ናብቲ ስልጣን ንምምጻእ፡ ኣብ ጉባኤ ውድብ ብመጀመርታ ብሓፋሽ ክትምረጽ የድሊ ዝብል ጠለብ'ውን ግድን ኣየኮነን ክማላእ።

ኣብ ጉባኤ ውድብ ብሓፋሽ ተመረጽ ኣይትመረጽ፡ ኢሳያስ እንተፈትዩካ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ንኽሽልመካ ኣየጉህዮን ኢዩ። ንእለቱ ስምካ ኣብ ሊስታ ናይ ማእከላይ ሽማግለ ግንባር ተጻሒፉ፡ ድሮ ኣብ ዕላዊ መረኸቢ ብዙሓን ግንባር ተዘርጊሑ ትረኽቦ። ብተመሳሳሊ ኣገባብ ኣብ ጉባኤ ውድብ ብሓፋሽ ብድምጺ ብልጫ ዝተመረጻካ ዋላኹን ኢሳያስ ኣንተተጻረሩካ ድማ ስምካ ካብታ ሊስታ ስርዝ ኣቢሉ ይድምስሳ። ሕጊ ኢሳያስነት፡ ምስ ኢሳያስ ኣይተመረጽኩን ኢልካ ኣይትሰንብድ፡ ተመሪጸ ኢየ ኢልካ ድማ ሓፍ ሓፍ ኣይትበል። እዚ ደረት ዘይብሉ ኢሳያሳዊ ሕግታት ጉባኤ ከምዝነበረን ከምዘሎን ኣጸቢቕና ክንፈልጥ ይግባእ።



ኣብ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ ሓሸኻታት ወከልቲ "እናኣድመጹ"። ደረት ዘይብሉ ኢሳያሳዊ ሕግታት ጉባኤ፡ ብሓፋሽ ተመረጽ ኣይትመረጽ ኢሳያስ እንተፈትዩ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ የሕውየካ። ብሓፋሽ ብድምጺ ዝተመረጻካ ዋላኹን ኢሳያስ እንተተጻረሩካ ኸኣ ስምካ ካብታ ሊስታ ይስርዘካ።

ሎኽሎኻዊ መሳልል ስልጣን ጽንኩር ማሕለኻታት ቃልሲ ምስጋር ወይከኣ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘይተኣደን ዓመታት ኣብ ቃልሲ ክትበሊ ግድን ዘይሓትት ኣገባብ መሳልል ኢዩ። 100% ድማ ኣድልዎታት ብኢሳያስ ዘማልእን ዘይፍትሓውን ስልጣናዊ ኣገባብ ኣተዓዳድላ ኢዩ። እቲ ኢሳያሳዊ ኣድልዎታት ኣብ መንጎ ክልተ ወገናት ኢዩ ዝፍጸም። እቶም ብፎጋ ዝመጹ ናይ ኢሳያስ ቡራኬ ዝረኸቡ ተልመዴናት ወይ ሓውሲ ተልመዴናት ተጋደልቲ ወይ ገባራት ብሓደ ወገን። እቶም ብመንታዊ ዝኾነ ማሕለኻዊ መሳልል ስልጣን ናብ ዝለዓለ ስልጣን ብሃፊ ጻምኦም ዝደየቡ ገዳይምን ምኩራትን ሓለፍቲ ብኻልእ ወገን።

ብቡራኼ ናይ ኢሳያስ ዝመጸ ጉዳይ ከኣ ድቦላ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ምኺን ኣይጸግምን ኢዩ። ድሕሪኡ ወይ ብዘይብኡ፣ ድቦላ መዘና ዘይብሉ ስልጣን ምጭባጥ ድማ ቀሊል ኢዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ፣ ብተራ ኣባል ይኹን ብበዓል መዚ ምሕታት ወይ ምቅዋም ፈጺሙ ክልኩል ኢዩ። ምስጢራት ውድብ ንምውሳድ ህርድግ ዝብል ከቢድ ግንባራዊ ገበን ተቐጺሩ ድማ ናብታ ተጋዳላይ ብኣለሙ ዝፈርሃ ሓለዋ ሰውራ የደርቢ። በዚ ጉዳይ ኣብኣ ዝተደርበየት ነብሲ ከኣ ብኣ'ቢላ ኢያ ዓወት ንሓፍሻ ኣቢላ ትሓቅቕ።

ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዘለዉ ነብሳት ከክንደይ ዝደረጅኡን ኣእንታይ ዝዓይነቱን መሳልላት ናብ ስልጣን ይዋቀሙ ነበሩ? እስከ እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ንመልከት።

| | |
|---|---|
| <u>መሳልል ቁጽሪ 1</u>፣ | ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ 100% ማሕሸኻዊ |
| <u>መሳልል ቁጽሪ 2</u>፣ | ኣማኻሪ ተጋዳላይ የማነ ገብራብ፣ 50% ማሕሸኻዊ 50% ሎኽሎኻዊ |
| <u>መሳልል ቁጽሪ 3</u>፣ | ኣፈኛ የማነ ገብረመስቀል፣ 100% ሎኽሎኻዊ |
| <u>መሳልል ቁጽሪ 4</u>፣ | ተሓዝ ባጤራ በርጌሳይ ሓጎስ ገብረሂወት(ክሻ)፣ 10% ማሕሸኻዊ፣ 90% ሎኽሎኻዊ |

**የቐንየለይ።**

**ሃይለ መንገሻ**

**(416) 858 9305**
**<u>haileokbe@yahoo.com</u>**

**<u>ይቕጽል ናብ</u>**

## <u>ሎኽሎኻዊ መሳልላት ስልጣናትን</u>

**<u>ክፋል 2.2(ለ ካልኣይ)</u>**